# ዝቕንጠብ ፍረ

"ኣነ ሓሬኩኩም እምበር ንስኻትኩም ኣይሓሬኩምንን፡ ክትከዱን ፍረ ክትፈርዩን ፍሬኩምውን ነባሪ ኪኸውን፡ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ምእንቲ ኪህበኩም ነዚ መደብክኹም" (ዮሃ 15፡16)።

ንዓመታት ማይ ኣስቲኻ፡ ኮስኲስካ ዝተከናኸንካያን ብዙሕ ዝጸዓርካላን ተኽሊ ኣብ መወዳእታኣ ዓንቢባ ብዙሕ ፍረ ፈርያ ክትርእያ ከለኻ ኣዝዩ ደስ ይብለካ። ከምቲ ኣብ ዮሃ 15፡1-5 "ኣነ ናይ ሓቂ ጕንዲ ወይኒ እየ፡ ተካሊኡ ከኣ ኣቦይ እዩ። ... እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዚፈሪ" ተጻሒፉ ዘሎ፡ ኣብቲ ሓቂ ዝኾነ ጕንዲ ወይኒ ክሳብ ዘለና ኣብ ህይወትና ዚቕንጠብ ፍረ ኪህልወና ናይ ግድን እዩ። ሎሚ ብመጠን እቲ ጐይታ ኣባና ዘፍሰሶ ጸጋን ዝሃበና መንፈሳዊ ህያባትን ጐይታ ዚሕጐሰሉ ዚቕንጠብ ፍረ ኪህልወና ይግባእ። ምኽንያቱ ሓደ መዓልቲ እቲ ዋና ኣታክልቲ ወይኒ ነቲ ፍረ ወይኒ ኪእክብ ኪመጽእ ስለ ዝኾነ ኵሉ ጊዜ ተቐንጢቡ ዘይወዳእ ፍረ ክህልወና የድሊ (ህዝ 47፡12)። ከም መንፈሳውያንን ከም መጠን እቲ ኣብቲ ጕንዲ ወይኒ ዝጠበቕናዮን፡ ከምቲ ኣብ ገላትያ 5፡22-23 ተዘርዚሩ ዘሎ ብብዙሕ ዝዓይነቱ መንፈሳዊ ፍረ መንፈስ ኣብ ህይወትና ብዘይምቍራጽ ኵሉ ጊዜ ኪረኣን ኪቕንጠብን ይግባእ። እዚ ፍረ'ዚ ድማ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝኾነ ጊዜ መጺኡ ምእንቲ ኪጥቀመሉ በዚ ፍረ'ዚ ኵሉ ጊዜ ዝመላእና ክንከውን የድሊ።

ጐይታ ኣብዚ ናይ ምድሪ ኣገልግሎቱ ብዙሕ ዓበይትን ኣደነቕትን ተኣምራታት ገይሩ እዩ። ካብ ኵሉ እቲ ዝገበሮ ተኣምራት ድማ ሓደ፡ ንሕናውን እቲ ተኣምራት እቲ ኣባና ከይፍጸም ኣዚና ክንጥንቀቐሉ ዘሎና ተኣምራት ገይሩ። እዛ ተኣምራት እዚኣ፡ ጐይታ ሓደ መዓልቲ ገለ ዚቕንጠብ ፍረ እንተ ረኸበ ኢሉ ናብ ሓንቲ ኦም በለስ ምስ ተጸግዓ እንተ ኮነ ግን ገለ እኳ ስለ ዚሰኣነላ፡ ነታ በለስ ዚረገማ እሞ ብኡ ብኡ ዚነቐጸት እያ (ማቴ 21፡18-22)። ብዙሕ ፍረ ዘለዎ ዚመስል ቀሪብካ ምስ ረኣካዮ ግን ቈጽሊ ጥራይ ዝኾነ ህይወት ሒዝና ከይንህሉ ርእስና ክንመርምር ይግባእ። እግዚኣብሄር ካባና ዚደልዮ ብዝሒ እንሳተፎ መንፈሳዊ ጕባኤታትን እንህቦ ኣገልግሎትን ዘይኮነስ ከምቲ ፍረ ኪረክበላን ኪጥቀመላን ናብታ ኦም በለስ ዝቐረባ ኪቐርበና ከሎ፡ እግዚኣብሄርን ሰባትን ዝሕጐስሉን ዝጥቀምሉን ፍረ ካባና ክርከብ እዩ።



## <u>ሀ. ከይንፈሪ ዚዓግቱና (ዚኽልክሉና) ነገራት</u>

1. ከም ኣብ ጥቓ መገዲ ዘሎ መሬት ምዃን፡- ኣብ ጥቓ መገዲ ዘሎ መሬት ኵሉ ጊዜ ኣራግጽ ዚበዝሖ ቦታ እዩ። ስለዚ ኣራግጽ ካብ ምብዝሑ እተላዕለ ዝተዘርአ እንተ ተዘርአ እቲ መሬት ስለ ዚስገድ እቲ እተዘርአ ዘርኢ ክበቍል ኣይክእልን እዩ። ዋላውን ሳሕቲ ፍረ ኪፈሪ ዝጅምር እንተ ኮነ ካልእ መንገደ መጺኡ ስለ ዚረግጾ ከይፈረየ ከሎ እዩ ዚቕጻ። ስለዚ፡ ነቲ ንጽቡቕ ፍረን ንበረኸትናን ዚኸውን በብጊዚኡ ዝወሃበና ቃል ኣምላኽ ብምስትውዓል ኣብ ልብና ክንዓቕሮ፡ ብናይ ዓለም ኣተሓሳስባን ኣካይዳን ከይብረዝ ድማ ኵሉ ጊዜ ክንጥንቀቐሉ የድሊ።

2. ከም ከውሒ ዘለዎ መሬት ምዃን፡- ከውሒ ተሪር እምኒ እዩ። እቲ ዘራኢ ነቲ ዘርኢ ናብቲ መሬት ምስ ዘርኦ፡ እቲ መሬት ከውሒ ስለ ዝኾነ እቲ ዘርኢ ኣብ ላዕሊ ኮፍ ኢሉ ይተርፍ፡ ንፋስ ብቐሊሉ ይወስዶ፡ ውሒዝውን ብዝወሓዞ ጊዜ ባሕጕጕዎ ስለ ዚኸይድ ኪፈሪ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ኣብ ልብና (ህይወትና) እተዘርአ ዘርኢ ሱር ከይሰደድን ፍረ ከይፈርን ከውሒ ዝኾነ ዘይተሰብረ ወይ ዘይተለወጠ ባህርያትና ኬፍርየና ኣይክእልን እዩ እሞ ኣለሊና ካብ ህይወትና ንእለዮ።

3\. ከም እሾኽ ዘለዎ መሬት ምዃን፡- እሾኽ ምስ ዘርኢ ማዕረ ማዕረኡ እናዓበየ ፍረ መርገም ዚኾነ ዝወጽእ ተኽሊ እዩ። ኵሉ ጊዜ ድማ ነቲ ተዘሪኡ ኪፈሪ ዚጀመረ ዘርኢ ከም ዚግባእ ከይዓቢ ይኽልክሎ። ቃል ኣምላኽ እዚ እሾኽ እዚ ከም ሓልዮት ሓዳር፡ ጣዕሚ እዛ ዓለም፡ ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ ምዃኑ ይነግረና። ስለዚ ሎሚ ማዕረ ማዕረ እቲ ጽቡቕ ፍረ ኪፈሪ ዘለዎ ህይወትና እዚ እሾኽ እዚ ይዓቢ ከይህሉ ክነስተውዕል ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

4\. ንሓጢኣት ዘይሙማት፡- ቃል ኣምላኽ፡ ንባዕሉ ዘይሞተ ዘርኢ ኪፈሪ ከም ዘክእል ይነግረና (ዮሃ 12፡24)። ፍረ ስርናይ ምስ ተዘርአት በቑላ ፍረ ኪትህብ እንተ ኮይና፡ ንሳ ኪትመውት ናይ ግድን እዩ። ፍረ ስርናይ ከይሞተት ኪህሉ ዚክእል ፍረ <u>ዋላ ሓንቲ</u> የለን። ንሕናውን ከምኡ ንዓለምን ፍትወታን እንተ ዘይሞትና ንኣምላኽ ዚኸውን ፍረ ክርከበና ኣይክእልን እዩ። ስለዚ ነቲ ብዙሕ ፍረ ብምፍራይና እንረክቦ ዘልኣለማዊ ዓስቢ ብምምዕዳው ኣብዛ ሓላፊት ዓለም ኵሉ ጊዜ ንርእስና ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርና ከነቕርባ ንጽዓር (ሮሜ12፡1)።

## ለ. ክንፈሪ ፍሬናውን ነባሪ ምእንቲ ኪከውን

**1. ምስቲ ጕንዲ ክንጠብቕ ይግባእ፡-** ሓደ ጨንፈር ከምቲ ዚግባእ ኪፈሪ እንተ ኮይኑ ምስቲ ጕንዲ ጸኒዑ ምስ ዚጠብቕ ጥራይ እዩ። ምኽንያቱ እቶም ንምፍራይ ዚሕግዝዎ ነገራት ካብቲ ጕንዲ እዩ ዚወስድ። ኵሉ ካብኡን ብእኡን ንእኡን ስለ ዝኾነ ሎሚ ብኹለንትናና ምእንቲ ክንፈሪ ኣብቲ ጕንዲ ዚኾነ ክርስቶስ ክንጸንዕ ወይ ክንጠብቕ የድሊ። ሽዑ ንኹሉ ዚከውን መንፈሳዊ ፍረ ክንፈሪ ንኽእል። ስለዚ ምእንቲ ክንፈሪ ኣብ ክርስቶስ ክንጸንዕ ይግብኣና።

**2. ምስ ቃል እግዚኣብሄር ጥቡቕ ዝምድና ምግባር፡-** ከምቲ ዝኾነ ተኽሊ ንኪፈሪ ማይን ጸሓይን ዘድልዮ፡ ንኣና ከኣ ንክንዓብን ክንፈርን ኵሉ ጊዜ ቃል እግዚኣብሄር ክንምገብ የድልየና። ቃል ኣምላኽ ህያውን መስለጥን፡ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ ስለ ዝኾነ ነቲ ኣብ ህይወትና ንከይንፈሪ ዚዓግተና ወይ ዚኽልክለና ነገር ይቘርጸልና (እብ 4፡12)። ከምኡውን ብሕጊ እግዚኣብሄር እትምራሕ ህይወት ኵሉ ጊዜ ኪትፈሪ ከም እትኽእል ቃል ኣምላኽ ይነግረና (መዝ 1፡1-3)። ስለዚ ኣብ ህይወትና ዚቐንጠብ ፍረ ክህልወና ዝኽእል ብቓል እግዚኣብሄር ምኳኑ ተረዲእና ነዚ ቃል እዚ ክንተግሃሉን ሓለፋ ዝኾነ ነገር ክንናፍቖን ክንደልዮን ይግባእ።

**3. ጽቡቕ መሬት ምኳን፡** ጽቡቕ መሬት ንምኳን ኵሉ ጊዜ ኵለንተናና ክንውፊ የድልየና። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ጽቡቕ መሬት እተባህለ፡ ኣራግጽ ዘይብሉ፡ ከውሒ ዘይኮነ፡ ዚሓንቆን ዚሓልኮን እሾኽ ዘይብሉ እዩ። ጽቡቕ መሬት፡ ተዘሪኡ ጽቡቕ ፍረ ኪህብ ናይ ግድን እዩ። "ነቲ ፍረ ዚፈሪ ዘበለ ጨንፈር ግና፡ ኣዝዩ ምእንቲ ኪፈሪ የጽርዮ" ከም እተጻሕፈ እግዚኣብሄር ነቲ ኣብ ህይወትና ንእኡ ዚትክእ ወይ ክብሩ ዚማቐል ከም ኡውን ካብቲ ንክርስቶስ ዘይውክል ኵሉ ከውሒ ዚኾነ ባህርያትና፡ ዚሕዘናን ዚጐትተናን ነገራት ኵሉ ጊዜ እዩ ዘጽርየና (ዮሃ15፡1-2)።

ከምቲ ሓደ ሓረስተይ መሬቱ ኣዝዩ ምእንቲ ኪፈሪ ዚጕልጕሎን ዜጽርዮን፡ ጐይታ ድማ ኣዚና ምእንቲ ክንፈርን ካብቲ ብሓዊ ዚኩላዕ ሓላፊ ወርቂ ኣዚና ምእንቲ ክንጸርን ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ብብዙሕ ዚዓይነቱ ፈተና የሕልፈና እዩ (1ጴጥ 1፡6-7)። ስለዚ ጐይታ፡ እቲ ብሉጽ ፍሬና ምእንቲ ክርኢ፡ ኣብ መዓልታዊ ጕዕዝና ይሰርሓና (የጽርየና) ስለ ዘሎ ብዘሕልፈና ኵሉ ንጽቡቕና ምኳኑ ኣስተውዒልና ክንሕለል ኣይግባእን (ሮሜ8፡28)።

ብተወሳኺ፡ ብዘይ ክርስቶስ ሓንቲ ነገር ክንገብር ከም ዘይንኽእል ፈሊጥና (2ይ ቆረ 3፡4-5) ምስቲ ኵሉ ዚኽእል ጕንዲ ጠቢቕና ኵሉ



ጊዜ ነቲ ዘይከኣል ዚመስል ከክእለና ክንጽልን ንቓሉ ክንእዘዝን ይግብኣና። "ኣባይ እንተ ጸናዕኩም፡ ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተ ሓደረ፡ እትደልይዎ ዘበለ ትልምኑ እሞ ይኾነልኩም። ብዙሕ ፍረ እንተ ፈሬኩም ኣቦይ በዚ ይኸብር፡ ደቀ መዛሙርተይውን ክትኮኑ ኢኹም" ይብለና (ዮሃ 15፡7-8)። ስለዚ እንደልዮ ዘበለ ምእንቲ ክንረክብ ኣብ ጐይታ ጽኒዕና ብዙሕ ፍረ ክንፈሪ የድሊ። በዚ ድማ ኣቦ ይኸብር። ከምቲ ኣብ ሚክያስ 7፡1 "ኣነ ከምቲ ፍረ ቓውዒ ምስ ተቐንጠበን ከምቲ ድሕሪ ምብታኽ ወይኒ ቀሪም ምስ ተቐረመን ዚብላዕ ዘለላ ዜይብለይ ኰይነ እየ እሞ፡ <u>ወይለይ</u>፡ እታ ነፍሰይ እተተምነየታ ቦኹሪ ፍረ በለስ እኳ የብለይን" እተጻሕፈ ዘይምፍራይ ናብ ምቕራጽን ናብ ሓዊ ምድርባይን ዘብጽሕ ምካኑ ፈሊጥና፡ ህድእ ኢልና ምስ ጐይታ ጊዜ ከነሕልፍ፡ ነቲ ዘይፈሪ ዘበለን ነቲ ንዘይምፍራይ ምኽንያት ኮይኑና ዘሎ ከነጽሪ ጐይታ ብምሕረት ይጽበየና ኣሎ። "ምሕረቱ ኣይተወደአን እዩ እሞ፡ ጥራስ ዘይጠፋእናስ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ" (ደ.ኤር 3፡22)። ስለዚ እቲ ሓላው ኣታኽልቲ ብምሕረቱ ናብ ፍረ ክንበጽሕ ኵሉ ሳዕ ንክጽዕረልና ድልው እዩ። ዋላኳ ንብዙሕ ዓመታት ፍረ ክረክበልና ጽዒሩ ክሳብ ሕጂ ዘይረከበ ክከውን ዝከኣል እንተ ኮነ ገና ንተውሳኺ ዓመት ክጽዕረልና ሓይሊ ኣለዎ። ከምቲ ቃል ኣምላኽ ዝብለና ንንስሓ ዝበቅዕ ፍረ ምእንቲ ክህልወና ንንስሓ ዝከውን ግዜ ይሃልወና (ማቴ 3፡8)።

"ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ኵሉ ፍረ እናፈሬኩምን ብፍልጠት ኣምላኽ እናዓበኹምን ብኹሉ ንእግዚኣብሄር ባህ ከተብሉ ንእኡ ብቑዓት ኴንኩም ክትመላለሱ ንጽሊ ኣለና" (ቈሎሴ 1፡10)።

"እታ ናይ ላዕሊ ጥበብ ግና ቅድም ንጽህቲ እያ፡ ድሓርውን ሰለማዊት፡ ልእምቲ፡ ሰማዕ፡ ምሕረትን ጽቡቕ ፍረን ዝመልአት፡ ብዘይ ዝሬትን ብዘይ ግብዝናን እያ" (ያቆብ 3፡17)።

"ወሰነ ወሰን እዚ ርባ በዝን በትን ኲሉ ዓይነት ፈራዪ ኣእዋም ኪበቍል

እዩ። ኣቕጽልቱ ኣይኪጽምሉን፡ ፍሬኡውን ኣይኪውዳእን እዩ። ማያቱ ካብቲ

መቕደስ እዩ ዚፍልፍል እሞ፡ ኣብ ወወርሒ ሓድሽ ፍረ ኪፈሪ፡ ፍሬታቱ

ንምግቢ፡ ኣቕጽልቱ ድማ ንመድሃኒት ኪከውንዩ" (ህዝ 47፡12)። ኣብቲ ናይ

ሓቂ ጕንዲ ክንጸንዕ፡ ፍሬናውን ነባሪ ኪከውን እግዚኣብሄር ይደግፈና።

ኣሜን።